# ምስቋር ኣብ ኣፍ

*እዚ ሓበሬታ ብሰንኪ ምስቋር ኣፍ ዝፍጠሩ ልሙዳት ናይ ሓጺርን ነዊሕን ግዜ ጸገማትን ከመይ ገርካ ተኸእሎታት ጸገማት ከም እተጉድልን ይገልጽ።*

**ምስቋር ኣብ ኣፍ እንታይ እዩ?**

ምስቋር ኣብ ኣፍ መርፍእ ብመልሓስ፡ ከንፈር ወይ ምዕጉርቲ በሲዑ ብምሕላፍ ከም ሰቕሪን፡ ቀለቤት ወይ ሓጺን ዝኣመሰሉ ስልማት ጌጻት ንምእታው ነኺል ምፍጣር'ዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ምስቋር ብዘይ መደንዘዚ እዩ ዝፍጸም።

**ብሰንኪ ምስቋር ኣብ ኣፍ ዝመጽእ ጸገማት**

ምስቋር ኣፍ፣ ኣብ ኣፍን/ወይ ሓፈሻዊ ጥዕናን ዝተፈላለዩ ከበድቲ ጸገማት ጥዕና ከስዕብ ይኽእል። እቶም ጸገማት ብቐጽበት ድሕሪ ምስቋር ወይ ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ኪጋጥሙ ይኽእሉ።

*ድሕሪ ምስቋር ዝመጹ ጸገማት*

- ረኽሲ ኪጋጥም ይኽእል፣ ብፍላይ ጽኑዕ ምቁጽጻር ረኽስን መምከኒ ኣገባባትን እንተዘይተኸቲልኩም።
- ሕበጥ መልሓስ ድሕሪ ምስቋር ኪጋጥም ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ። ኣብ ብዙሓት ኣጋጣሚታት፣ ሕበጥ ንመተሓላለፊ ኣየር ክዓጽዎን ከቢድ ናይ ምትንፋስ ጸገም ከስዕብን ይኽእል።
- ቅሩብ መድመይቲ ኪጋጥም ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ። ካብ መጠን ንላዕሊ መድመይቲ ኪጋጥም ዝኽእል ኣብ መስርሕ ምስቋር ሰራውር ደም እንተተቐሪጾም እዩ።
- ድሕሪ ምስቋር ቃንዛ ክህሉ ትጽቢት ክግበር ኣለዎ።

*ንነዊሕ እዋን ዝጸንሑ ጸገማት*

- ኣስናን ብቐጻሊ በቲ ዝሃርሞም ስልማት ጌጽ፣ ብፍላይ ኣብ መልሓስ ዝኣቱ ሓጺን፣ ክሸረፉ ወይ ክነቕዑ ይኽእሉ። ብሰንኪ መስቀርቲ ስልማት ኣብ ኣስናን ዝፍጠሩ ኣዝዮም ደቀቕቲ (ማይክሮስኮፒካዊ) መንቃዕታት ኣዝዮም የሕሙ። እዞም መንቃዕታት ክትሕክሞም ኣጸገምቲ'ዮም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ውጽኢቱ ምውጻእ ስኒ'ዩ።
- ምእራግ ስኒ ብቐጻሊ በቲ ስልማት ጌጽ ኣብ ልዕሊ ገበር ስኒ ብምፍሕፋሕ ከመጽእ ይኽእል። እዚ ክምለስ ዘይክእል ዕንወት ኣብ ቅርጺ ስኒ ተነቃፍነት ክኸትል፣ ስኒ መልክዑ ክበላሾን ምውጻእ ወይ ምጉራፍ ስኒ ክኸትል ይኽእል።
- ግርጻንን ውሽጣዊ ክፋል ምዕጉርትን ብሰንኪ ቀጻሊ ምፍሕፋሕ ኣንጻር'ቲ ዝተሰቕረ ስልማት/ጌጽ፣ ብፍላይ ከኣ ሰቕሪን ናይ ከንፈር ('ላ ብረት') ፣ መጉዳእቲ ኪጋጥሞ ይኽእል።
- ምስቋር ኣብ ኣፍ ምሕያኽን ምዝራብን ክዘርግ ይኽእል።
- ብሰንኪ ዘይቅኑዕ ኣገባብ ምስቋር ዝመጽእ መጉዳእቲ ኣብ ነርቭ፡ ምጥፋእ ክእለት ጣዕሚን/ወይ ጸገማት ምዝራብን፡ ወይ'ውን ምድንዛዝን/ወይ ምልማስን ከስዕብ ይኽእል።
- ብምኽንያት'ቶም ኣብቲ ዝተሰቐረ ቦታን ኣብ ከባቢ'ቲ ስልማትን ዝእከቡ ናይ ደገ ንሓፋትን ባክተርያን ዝለዓለ ተኽእሎ ሓደጋ ናይ ረኽሲ ኣሎ።
- ዝተበከሉ መስቆሪ መሳርሒታት እንተተጠቒምኩም ብደም ዝመሓላለፉ ሕማማት፣ ከም በዓል ወይቦ (ሄፓታይተስን) ኤችኣይቪን ናይ ምልካፍ ሓደጋ ኣሎ።
- ብሰንኪ'ቶም ንሰቕሪን ዝተጠቀምኩሎም ካብ ሓጺን ዝተሰርሑ ጌጻት ኣብ ነብስኹም ዝያዳ ተነቃፍነት ኣንጻሮም ክፍጠር ይኽእል።

- ቀጻሊ ሕበጥን ቃንዛን ከጋጥም ይኽእል፡፡

**ከመይ ጌረ እየ ነቲ ተኽእሎ ሕልኽላኻት ከጉድሎ ዝኽእል?**

ምትሕልላኽ ኣብ ዘይብሉ'ውን እንተኾነ፡ ኣፍኩም ድሕሪ ምስቋር ክሓዊ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ሰሙን ይወስደሉ፡፡ ነዞም ምኽርታት ብምኽታል ናይ ምትሕልላኽ ዕድል ከተጉድልዎ ትኽእሉ ኢኹም፤

- እቲ ምስቋር ዘካይድ ሰብ ተመኩሮ ከምዘለዎ፣ ብዛዕባ ኣሰራርሓ (ኣናቶሚ) ኣፍኩም ኣፍልጦ ዘለዎን፣ ጽኑዕ ምቁጽጻር ረኽስን መምከኒ ኣገባባትን ዝጥቀምን ምዃኑ ኣረጋግጹ፡፡
- ተኽእሎ ሕበጥ መልሓስኩም ንምቕናስ ንዝተሰባበረ ወይ ዝተጸርበ በረድ ቀስ ኢልኩም ምጸይዎ፡፡
- ድሕሪ ምስቋር ካብ መጠን ንላዕሊ መድመይቲ፡ ሕበጥ ወይ ቃንዛ እንተ ኣጋጢሙ ብቕልጡፍ ሕክምናዊ ምኽሪ ርሸቡ፡፡
- ረኽሲ እንተ ኣጋጢሙ፡ ህጹጽ ሕክምናዊ ምኽሪ ርሸቡ፡፡

እቲ ትስቆርዎ ነገር ኣብ ቦታኡ ምስ ኣተወ፡ እቲ ሱቕሪንን ካልእ ኣብ ኣስናን ክበጽሕ ዝኽእል መጉድእትን ንምክትታል፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሽዱሽተ ወርሒ ናብ ሓኪም ስኒ ተመላለሱ፡፡

ዓቓንን ኣቀማምጣን እቶም ጌጻት ንኣስናንንኩም ግርጻንኩምን ከምዘይጎድእ ኣረጋግጹ፡፡ ካብ ብሓጺን ዝተሰርሐ ጌጽ ንላዕሊ ጽቡቕ ጽሬት ዘለዎ ካብ ፕላስቲክ ዝተሰርሐ ጌጽ ምጥቃም ይምረጽ፡፡

መጉዳእቲ ኣብ ኣስናንን ግርጻንን ንምክልኻል፡ ቅድሚ ኣብ ስፖርት ምስታፍኩምን ቅድሚ ምድቃስኩምን እቲ ስልማት/ጌጽኩም ኣውጽእዎ፡፡

**ንዝያዳ ሓበሬታ**

- ምስ ሓኪም ስኒ ተራኸቡ
- ኣብ www.health.qld.gov.au/oralhealth ብጽሑ፡፡
- ስቱር ምኽሪ ጥዕና ንምርካብ 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፣ ሸውዓተ መዓልታት ኣብ ሰሙን  ናብ 13 HEALTH (13 43 25 84) ደውሉ፡፡
- ኢ-መይል፣ oral_health@health.qld.gov.au

© The State of Queensland, Queensland Health, 2024.